# 7ይ ኣኼባ ወተሃደራዊ ኣወሃሃዲ ኮሚሽናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ናይሮቢ ተኻይዱ።

---------------- 0 -------------------

ሻብዓይ ኣኼባ ወተሃደራዊ ኣወሃሃዲ ኮሚሽናት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብ27 ሰነ ኣብ ናይሮቢ ተኻይዱ።

ኣብቲ ብኣዛዚ ሰራዊት ዓቃብ ሰላም ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን መጀር ጀነራል ፓትሪክ ካመርት ዝተመርሐ ኣኼባ፡ ብዛዕባ ምቛም ንኡሳን ወተሃደራዊ ኣወሃሃድቲ ኮሚሽናት፡ ምእራይ ሬሳታት ሰራዊትን ናጻ ምንቅስቓስ ኣባላት ዓቃብ ሰላም ሰራዊትን ምይይጥ ከምዝተኻየደሉ፡ ንልኡኽ ኤርትራ ወኪሉ ዝተሳተፈ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃለይ ክፍለ ገሊጹ።

ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃለይ ትማሊ ምሸት ንኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ስርዓት ወያነ ነቲ ኣቐዲሙ ንምቛም ግዚያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝቐረበ ካርታ ብዘይምትግባሩን ሰራዊቱ ዛጊት ካብቲ ግዚያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ ዝምስረተሉ መስመር ብዘይምስሓቡን እቲ ኣኼባ ብዘይፍረ ከምዝተዛዘመ ኣፍሊጡ።

ቕድሚ ሕጂ ኣብ ናይሮቢ ኣብ ዝተኻየደ ሳልሳይ ኣኼባ ወተሃደራዊ ኣወሃሃዲ ኮሚሽናት፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ነቲ ጊዚያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ ዝምስረተሉ ደቡባዊን ሰሜናዊን መስመር ዘመልክት ካርታ ናብ መራሕቲ ሃገራት ኤርትራን ኢትዮጵያን ከምዝቐረበን እቲ ካርታ ተቐባልነት ከምዝረኸበን ልኡኽ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከምዝገለጸ ዝፍለጥዩ።

እንተኾነ ኤርትራ ብመሰረት እቲ ዝቐረበ ካርታ ንኣርባዕተ ወርሒ ክትሰርሓሉን ሰራዊታ ካብቲ ሰሜናዊ መስመር ክትስሕብን ከላ፡ ስርዓት ወያነ ግና ካብ ገለ ገለ ቦታታት ከምዘይወጸን ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ “የመሓድሮ ነይረ ብምባል” ናብ ውሽጢ መሬት ኤርትራ ይኣቱ ምህላዉ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃለይ ሓቢሩ።

ንሱ ኣስዒቡ፡ ፍሉይ ልኡኽ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ልግዌላ ጆሴፍ ልግዌላ፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ “ስርዓት ወያነ ነቲ ቕድሚ ሕጂ ዝቐረበ ንምቛም ግዚያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ ዝምልከት ካርታ ከምዝተቐበሎ ብጽሑፍ ኣይገለጸልናን ዝብል ሓበሬታ ንኤርትራ ከምዘቕረበ ገሊጹ። ብዘይካዚ፡ ልኡኽ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብዚ ቀረባ እዋን ምስቲ ኣቐዲሙ ስምምዕ ዝተበጽሓሉን ኤርትራ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ክትትግብሮ ዝጸንሐትን ካርታ ዝጻረር ሓድሽ ናይ ግዚያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ ካርታ ንመራሕቲ ክልቲኤን ሃገራት ከምዘቕረበ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃለይ ኣፍሊጡ።

ጉዳይ ናጻ ምንቅስቓስ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ዝምልከት ኣርእስቲ ኣብቲ ኣኼባ ከምዝተዘተየሉ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃለይ ብምምልካት፡ ብወገን ኤርትራ ኣብ ውሽጢ እቲ 25 ኪሎሜትርን ናብኡ ዘምርሕ ናይ ኣየርን ምድሪን መንገዲ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ብናጻ ክንቀሳቐስ ኣቐዲማ ከምዘፍቐደትን ትትግብሮ ከምዘላን ሓቢሩ። እንተኾነ ካብቲ ሰራዊት ክልቲኡ ሃገራት ዝፈናተተሉ 25 ኪሎ ሜትር ወጻኢ፡ ንሰራዊት ኤርትራ ብድሕሪት መጺኻ ምቑጽጻር፡ ካብቲ ስምምዕ ወጻኢ ከምዝኾነን እቲ ዕቃብ ሰላም ሰራዊት ካብኡ ወጻኢ ንዝገብሮ ምንቅስቓስ ንኤርትራ ከፍልጥ ከምዝግባእ ኣብሪሁ።

ሰራዊት ወያነ ብመሰረት እቲ ብደረጃ መራሕቲ ናይ ክልቲኤን ሃገራት ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ካብቲ ደቡባዊ መስመር ክሳብ ዘይወጸ፡ ግዚያዊ ናይ ጸጥታ ቦታ ምምስራት ከምዘይከኣል ብምጥቓስ ድማ፡ እቲ ኣብቲ ኣኼባ ዝተላዕለ ጉዳይ ምቛም ንኡሳን ወተሃደራዊ ኣወሃሃድቲ ኮሚሽናት ትርጉም ከምዘይህልዎ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃለይ ገሊጹ።

ንሱ ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ንምእካብ ሬሳታት ሰራዊት ዝምልከት ኣብዚ ሻብዓይ ኣኼባ ዝተዘተየሉ ኣርእስቲ፡ ካብ 5ይ ኣኼባ ወተሃደራዊ ኣወሃሃዲ ኮሚሽናት ጀሚሩ ይለዓል ከምዝነበረን፡ ብወገን ኤርትራ ጸገም ከምዘይህሉ ብተደጋጋሚ መልሲ ዝተዋህበሉን ሓቢሩ። ብኣንጻሩ ግን ስርዓት ወያነ፡ መብዛሕትኡ ሬሳታት ሰራዊቱ ኣብ ውሽጢ መሬት ኤርትራ ስለዝርከብ፡ እቲ ብኣግላይ ብጃምላ ዝተቐብረ ሬሳታት ንኸይጋለጽ ብምስጋእ ዝተፈላለየ ምኽንያታት እናቕረበ ከደናጉዮ ከምዝጸንሐ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃለይ ኣፍሊጡ።

------- ኣዜኤ --------